# መዓልታዊ ኣስተንትኖ ቃል ኣምላኽ - ታሕሣሥ 5ይ ሰሙን/ ጥሪ 1ይ ሰሙን

## ብዶ/ር ክፍለየሱስ ዓንደማርያም

---

መዓልቲ መዓልቲ ንገለ ደቃይቕ ነዞም ነንመዓልቱ ተዳልዮም ዘለዉ ንባባት ብምንባብን ብምስትንታንን ቅሳነትን ሰላምን ኣብ ሕይወትና ኪሰፍን እዩ። "ንዓ መንፈስ ቅዱስ ነዚ ቃል እዚ ኣንቢበ ክኣምኖን ኣብ ልበይ ክሕድሮን ጸጋኻ ሃበኒ!"

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **28 ታሕሣሥ 2015** | **1 ዮሓ 1፡ 5, 2:2**<br>**መዝ 124፡ 2-5, 7-8**<br>**ማቴ 2፡ 13-18** | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ኣብ 1ይቲ መልእኽቲ ዮሓንስ ኣምላኽ ብርሃን ከም ዝኾነ ይነግረና። "ምስኡ ሕብረት ኣሎና እንዳበልና፡ ኣብ ጸልማት እንተ ነበርና ንሕሱ፡ ሓቂውን ኣይንገብርን ኢና ዘሎና። . . . ኣብ ብርሃን እንተ ነበርና ግና ንሓድሕድና ኅብረት ኣሎና፣ ደም ኢየሱስ ክርስቶስ ወዱውን ካብ ኩሉ ኃጢኣትና የንጽሓና እዩ" ይብለና። ቀጺሉ "ኃጥኣት የብልና እንተ በልና ሓሳዊ ንገብሮ፡ ቃሉውን ኣባና የሎን።" እናበለ ኃጢኣት ከይንገብር ይምዕደና። ኃጥኣት እንተገበርና ድማ ክንሳሕን ነቲ ዝጣበቓልና ኢየሱስ ክርስቶስ ክንጥምት ይነግረና።<br>• መዝሙር ዳዊት ከኣ "ሰባት ኪትንሥኡና ከለዉ 'እግዚኣብሔር ምሳና እንተ ዘይነብር፡ ሓርቆቶም ኣብ ልዕሌና ምነደደ፡ ብሕይወት ከሎና ምወሓጡና፣ ሽዑ ማያት መጥሓለና፡ ውሒዝ ብልዕሌና ምወሓዘ፡ ሽዑ ኃሻ ውሒዝ ጸርጊፉና ምኸደ ነይሩ።" ይብለና። ቀጺሉ "ከም ዑፍ ካብ መፈንጠራ ሃዳናይ መለቓና፡ መፈንጠራ ተበትከ፡ ንሕናውን ደኃንና። ረዲኤትና ካብቲ ሰማይን ምድርን ዝገበረ እግዚኣብሔር እዩ ዚመጽእ።" ይብለና።<br>• ውንጌል ከኣ ብዛዕባ ስደት ናብ ግብጽን ቅትለት ሕፃናትን ይነግረና። መልኣኽ እግዚኣብሔር ንዮሴፍ ብሕልሚ "ሄሮድስ ነዚ ሕፃን ኪቕትሎ ይደሊ ኣሎ እሞ ተንሥእ፡ ነዚ ሕፃንን ነዲኡን ኂዝካ ናብ ግብጺ ህደም፣ ክሳዕ ዝነግረካ ከኣ እብኡ ጽናሕ" ከም ዝበሎ ይነግረና። ሄሮድስ ከኣ "ንዅሎም ሕፃናት ቤተ ልሔምን ኣብ ኩሉ ጉደቦታት ንዝጸንሑን፡ . . . ወዲ ክልተ ዓመትን ካብኡ ንታሕትን ንዝነበሩ ልኢኹ ኣቕተለ።"<br><br>ብምምጻእ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ መንግሥቲ ጸልማት ተናዊጹ ከም ዝነበረን፣ ሰይጣን ነቲ መድኃኒ ኬጥፍኦ ከም ዝፈተነ ኢና እንርኢ ዘሎና። ሄሮድስ ንሰይጣን እዩ ዜመልክት። ኣብ ገነት ኣምላኽ ነቲ ተመን ካብ ዘርኢ እታ ሰበይቲ ዚውለድ ርእሱ ከም ዝጭፍልቖ ነጊርዎ ነይሩ እዩ። እቲ ንዘለዓለም ዚነግሥ ወዲ ዳዊት ከም ዝተወለደ ምስ ፈለጠ ግዝኣቱ ኣብ ሓደጋ ከም ዝኣተወ ተረዲኡ፡ ከይዓበየ ከሎ ኬጥፍኦ ብምሉእ ኃይሉ ይህንደድ። ክስዕር ግና ኣይከኣለን። ኢየሱስ ክርስቶስ በጃና ስለ ዝሞተልና፡ ዕዳ ኃጢኣትና ስለ ዝኸፈለልና ካብ መፈንጠራ ሰይጣን መሊቓና፡ ብንስሓ ተሓጺብና ከኣ ደቂ ኣምላኽ ኮይና። ደጊም ምስ መንግሥቲ ጸልማት ኅብረት የብልናን፡ ንሕናስ ደቂ ብርሃን ኮይና ኢና። "ኦ ኣቦይ ኣብ ቅድሚ ሰማይን ኣብ ቅድሜኻን ኃጢኣት ገበርኩ፡ እሞ መሓረኒ!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **29 ታሕሣሥ** | **1 ዮሓ 2፡ 3-11<br>መዝ 96፡ 1-3, 5-6<br>ሉቃ 2፡ 22-35** | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• 1ይቲ መልእኽቲ ዮሓንስ "'ኣብ ብርሃን ኣሎኹ' ዚብል ንኃዉ ከኣ ዚጸልእ፡ ገና ኣብ ጸልማት እዩ ዘሎ። እቲ ንኃዉ ዜፍቅር ኣብ ብርሃን እዩ ዚነብር። ኣብኡውን መዓንቀፊ የልቦን። እቲ ንኃዉ ዚጸልእ ግና ኣብ ጸልማት እዩ ዘሎ፣ ኣብ ጸልማትውን ይነብር፣ ጸልማት ነዕይንቱ ስለ ዘዕወሮ ድማ፡ ናበይ ከም ዚኸይድ ኣይፍፈልጥን እዩ" ይብለና ኣሎ።<br>• መዝሙር ዳዊት ከኣ "ንእግዚኣብሔር ዘምሩ፡ ኣመስግንዎ፣ መዓልቲ መዓልቲ ንሱ ከም ዘድኃነና ኣበሥሩ። ክብሩ ኣብ ማእከል ኣሕዛብ ንገሩ፣ ተኣምራቱ ኣብ ማእከል ኩሎም ሕዝብታት ኣዘንትዉ።" ይብለና። ቀጺሉ  "ኩሎም ኣማልኽቲ ኣሕዛብ ከንቱ እዮም፣ እግዚኣብሔር ግና ሰማያት ገበረ። ግርማን ክብርን ይኸቦ፣ መቕደሱ ከኣ ብኃይልን ጽባቐን ምሉእ እዩ።" ይብለና።<br>• ብዛዕባ ግዝረት ኢየሱስን ናብ ቤተ መእቕደስ ኢየሩሳሌም ከም ዜቕረብዎን ይነግረና። "ንኢየሱስ ሕፃን ዮሴፍን ማርያምን ከም ልማድ ሕጊ ኺገብርሉ ናብ ቤተ መቕደስ ምስ ኣእተዉዎ፣ ስምዖን ብመንፈስ ቅዱስ ናብኡ መጸ። ንሱ ድማ ኣብ ሕቑፉ ተቐቢሉ ንኣምላኽ ከምዚ ዚስዕብ ኢሉ ኣመስገኖ፡- "ኦ ጐይታይ፡ ድጊም ንባርያኻ ከም ቃልካ ብሰላም ኣፋንዮ። ከመይ ኣዕይንተይ ነቲ ምድኃንካ ርእየናኦ እየን። እዚ ኸኣ እቲ ኣብ ቅድሚ ኹሉ ሕዝቢ ዘዳለኻዮ ድኅነት እዩ። ንሱ እቲ ንኣሕዛብ ብርሃን ንሕዝብኻ እስራኤልውን ክብሪ ዚገልጽ እዩ።" ይብለና።<br><br>ከምቲ ቅዱስ ስምዖን ዚገበሮ ክንገብር ንዕደም ኣሎና። ጐይታ ኪመጸና ብትዕግስቲ ንጸበዮ፣ ካብቲ ጸልማት ኣነባብራና ኬውጽኣና ንለምኖ። እቶም እነምልኾም ዘሎና ኣማልኽቲ ከም ገንዘብ ምግባርን፡ ብስጋ ኣብዚ ዓለም ኪጥዕመና ምጽዓርን፣ ንጽባቼናን ንርእስና ምምላኽናን፣ ኣብ ኻልኦት ፍጡራት ምውካልናን፣ ንሥልጣንን ክብርን ናይዛ ዓለም ምድላይናን፣ ምስ ኣሕዋትናን/ኣሓትናን ብጽልእን ክርክርን ምንባርናን፣ ብኣንጻሩ ከኣ ንድሌታት ነብስና ዘይምጋዳስናን ካብዚ ኩሉ ከንቱ ዝኾነ ኬውጽኣናን ንኣምላኽ ንድለዮ። ኣብ ብርሃን ፍቕሪ ምእንቲ ኪነብር ኣምላኽ ከኽእለናን፣ ኣብ ኃይልን ጽባቼን ዝመልአ ቤቱ ቤተ መቕደሱ ከንብረናን ምስ ኣምላኽ ጥቡቕ ርክብ ክንገብር ኣምላኽ ይጽውዓና ኣሎ። "ኦ ጐይታ ነቲ ብግዜያዊ ነገራት ብቀሊሉ ዝስለብ ልበይ ፈውሰለይ፣ ነቲ ሓቀኛ ሓጎስ ክርኢ ነዕይንተይ ክፈተለይ! ከም ውሉድካ ኣብ ቤትካ ብፍቕርን ምሕረትን ምስ ኩሎም ኣሕዋተይን/ኣሓተይን ከም ዝነብር ግበረኒ! ዝጸልኦ ሰብ ኣይሃልወኒ! ኣሜን!" |

| **ዕለት** | **ንባብ** | **ኣስተንትኖ** |
| --- | --- | --- |
| **30 ታሕሣሥ** | **1 ዮሓ 2፡ 12-17**<br>**መዝ 96፡ 7-10**<br>**ሉቃ 2፡ 36-40** | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ןይቲ መልእኽቲ ዮሓንስ "ንዓለም ወይስ ነቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ኣይትፍተዉ። ሓደኳ ንዓለም እንተ ፈተዋ ፍቕሪ ኣቦ ኣብኡ የብሉን። ከመይ ኩሉ እቲ ኣብ ዓለም ዘሎ፡ ፍትወት ሥጋን ከፉእ ትምኒት ዓይንን ብሃብትኻ ዕቡይ ምዃንን፡ ካብ ዓለም እዩ እምበር ካብ ኣቦ ኣይኮነን። ዓለምን እቲ ኩሉ ፍትወታን ሓላፋይ እዩ፣ እቲ ፍቓድ ኣምላኽ ዚገብርን ግና ንዘለዓለም ይነብር።" ይብለና።<br>• መዝሙር ዳዊት ከኣ "ነቲ ክቡር ስም እግዚኣብሔር ኣመስግንዎ፣ መሥዕቲ ሒዝኩም ናብ ቤተ መቕደሱ እተዉ። . . . ነሕዛብ 'እግዚኣብሔር ንጉሥ እዩ፡ ንዓለም ኣብ ጽኑዕ ስለ ዝሠረታ  ኣይክትናወጽን እያ፣ ንሕዝብታት ከኣ ብቕንዕና ኺፈርዶም እዩ' ኢልኩም ንገርዎም።" ይብለና።<br>• ውንጌል ከኣ ብዛዕባ ነብዩት ሃና ጓል ፋኑኤል ይነግረና። ንሳ "ካብ ቤተ መቕደስ ከይወፀት ከኣ ኣብ ጾምን ጸሎትን ለይትን መዓልትን ንኣምልኽ ተገልግል ነበረት። ንሳውን ሽዑ ናብኡ መጺኣ ንኣምላኽ ኣመስገነቶ፣ ነቶም ምድኃን ኢየሩሳሌም ዚጽበዩ ኹሎም ከኣ ብዛዕባኡ ተዛረበቶም።" ይብለና።<br><br>እቶም ደቂ ዓለም ብፍትወት ሥጋን፡ ብትዕቢት ሃብትን፡ ብክፉእ ትምኒትን ይመላለሱ ኣምላኽ ከኣ እባታቶም ቦታ የብሉን። እዚ ኩሉ ግና ከም ጽላሎት እዩ ዚሓልፍ። ንኣምላኽ ምፍላጥን ብትእዛዛቱ ምምልላስን ግና ንዘለዓለም ሕያዋን ኮይና ከም እንነብር ይገብረና። ስለዚ ንኣምላኽ ስለ ምድኃኑ ከነመስግኖን ክንውድሶን ይግብኣና እዩ። ኣብ መወዳእታ ከኣ ብቕንዕና ንዓለም ኪፈርዳ እዩ። ስለዚ እታ መዓልቲ ምድኃን ሎሚ እያ። ፍቕሪ ኣቦ ኣብ ልበይ ኣሎ'ዶ? ዘፍቕር ኣቦ ከም ዘሎኒ ይርድኣኒ'ዶ? ኣብ ልበይ ቦታ ሂበዮ'ዶ? ንኣምልኽ ከም ውሉዱ ክቐርቦ ክኢለ'ዶ? "ኦ እግዚኣብሔር ኣቦ ፍቕርኻ ኣብ ልበይ ከም ዝፍለጠኒ ግበር። ናባኻ ኪጥምትን፡ ኪመጽእን፡ ምሳኻ ኪዛረብን ድምጽኻ ኪሰምዕን ግበረኒ። ንቃልካ ከም ዘፍቕር ግበረኒ! ኣሜን!" |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
|---|---|---|
| **31 ታሕሣሥ** | **1 ዮሓ 2፡ 18-21**<br>**መዝ 96፡ 1-2, 11-13**<br>**ዮሓ 1፡ 1-18** | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ፣ይቲ መልእኽቲ ዮሓንስ ብዛዕባ ፀረ ክርስቶስ ይዛረበና። "ደቀየ! እዚኣ እታ መወዳእታ ሰዓት እያ። ፀረ ክርስቶስ ከም ዚመጽእ ሰሚዕኩም ኣሎኹም፣ ድሮውን ብዙኃት ፀረ ክርስቶስ ተንሢኦም ኣለዉ። እዚኣ እታ መወዳእታ ሰዓት ምዃና ከኣ በዚ ኢና እንፈልጥ። ንሳቶም ካባና እዮም ወፂኦም፣ ግናኸ ካባና ኣይነበሩን። ካባና ነይሮም እንተ ዝኾኑ ምሳና ምነበሩ ነይሮም። ግናኸ ካባና ኸም ዘይኮኑ ምእንቲ ኪገሃድ ወፁ።" ይብለና።<br>• መዝሙር ዳዊት ከኣ "ንእግዚኣብሔር ሓዲሽ መዝሙር ዘምሩ፡ ኣብ ምድሪ እትነብሩ ኵልኹም ንእግዚኣብሔር ዘምሩሉ። . . . ሰማያት . . . ባሕርን . . . መሮርን . . . ኣእዋም ዱር ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር እልል ኪብሉ እዮም።  ከመይ ግዚኣብሔር ንዓለም ኪፈርድ ኪመጽእ እዩ፣ ንሕዝቢ ዓለም ብፍትሕን ብቕንዕናን ኪፈርዶም እዩ" ይብለና።<br>• ወንጌል ከኣ ብዛዕባ እቲ ንዓለም ኪድኅን ዚመጸ ቃል ኣምላኽ ይዛረበና። "ቃል ብቐድሙ ነበረ፣ እቲ ቓል ድማ ኣብ ኣምላኽ ነበረ። ንሱ ብቐድሙ ኣብ ኣምላኽ ነበረ። ብእኡ ኩሉ ተፈጥረ፣ . . . እቲ ንዅሉ ሰብ ዜብርህ ብርሃን ሓቂ ናብ ዓለም መጸ። ኣብ ዓለምውን ነበረ፣ ዓለም ከኣ ብእኡ ተፈጥረት፣ ዓለም ግና ኣይፈለጠቶን። ናብቶም ናቱ መጸ፡ እቶም ናቱ ኣይተቐበልዎን። ነቶም ዚተቐበልዎ ዘበሉ ብስሙ ንዚኣምኑ ግና ውሉድ ኣምላኽ ኪኾኑ፡ ሥልጣን ሃቦም።" ይብለና። ቀጺሉ "እቲ ቓል ሰብ ኮነ፡ ጸጋን ሓቅን መሊእዎ ኸኣ ምሳና ነበረ። . . . ንሕና ኩልና ብምላኣቱ ጸጋ ኣብ ልዕሊ ጸጋ ተቐበልና።" ይብለና።<br><br>ሎሚ ብዙሓት ሰብት ንኢየሱስ ክርስቶስ ከም መሲሕ ኣይቅበልዎን። ከም ወዲ ኣምላኽ ኣይቅበልዎን።  ከም ጐይታን መድኃኒን ኣይተቐበልዎን። ኣነን ንስኻ/ኺ ብዛዕባኡ እንታይ ንብል ኣሎና? ክርስቶስ ኣብ ሕይወትና ከመይ ዝበለ ቦታ ሒዙ ይርከብ? ከም ዓቢይ ታሪኻዊ ሰብዶ? ከም ነብይዶ? ወይስ ከም እቲ ኬድኅነና ዚመጸ መሲሕን ወዲ ኣምላኽን ንኣምኖን ንቕበሎን ኢና? እስከ ነፍስና ብደሙ ተሓጺባ፡ ብንስሓ ነጺሓ፡ ኣሰር ኣሰሩ ትስዕብ ምህላዋ ዘይምህላዋን ብሓቅን ብቕንዕናን ትመርምር። ኣብ ልብና ቦታ ዘይረኸበ እንተ ኾይኑ፡ ሎሚ ልብና ክንከፍተሉ ንዕደም ኣሎና። ሎሚ ኣብዛ  ብሁከትን ብውግእን ሰላም ስኢናን ተሓሚሳን ዘላ ዓለምና፣ ናይ ክርስቶስ ፍቕርን ሰላምን ኣብ ሞንጎና ኪነብር ሠናይ'ዶ ኣይምኾነን? ወዲ ሰብ ብዘይ ኣምላኽ ብዘይ ንሕስያ ክቃተልን ክጣፋእን እንተ ዘይኮይኑ እንታይ ኬምጽእ ይከኣሎ? ስለዚ ኩላትና ንክርስቶስ ኣብ ልብና ክነእትዎ ከሎና፡ ዓለም ናይ ውሉድ እምላኽ ትኸውን። ከም ኣሕዋትን/ኣሓትን ከኣ ብፍቕሪ ክነብር ንኽእል። "ንዓ ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታ ኣብ ልበይ እቶ! ካብ ትዕቢተይ፡ ካብ ንፍገተይ፡ ካብ መንፈስ ዝሙትን፡ መንፈስ ብቕን፡ ካብ ቁጥዓን፡ ካብ ትህኪትን፡ ካብ ኩሉ ቅንእን ፈውሰኒ። ንምምሓር ኣኽእለኒ ካብ ኩሉ ቂምን በቐልን ኣውጽኣኒ። ካብ ኩሉ መንፈስ ምፍልላይ ኣርሕቀኒ። ኩሎም ደቂ ሰብ ብደምካ  ስለ ዝተዓደጉ፡ ከም ደቂ ኣምላኽ ኣሕዋተይ/ኣሓተይን ምዃኖም ተረዲአ ኬፍቅሮምን ኣኽእለኒ። ብመንፈስካ ሓዲሽ ሰብ ግበረኒ። ኣሜን! " |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| **1 ጥሪ** | **ዘኁ 6፡ 22-27**<br>**መዝ 67፡2-3, 5-6, 8**<br>**ገላ 4፡ 4-7**<br>**ሉቃ 2፡16-21** | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ኣብ ኦሪት ዘኍልቍ “እግዚኣብሔር ንሙሴ ከምዚ ዚስዕብ በሎ “ንደቂ እስራኤል ከምዚ ዚስዕብ እናበልኩም ባርኹዎም ኢልካ ንኣሮንን ደቁን ንገሮም፡- ‘እግዚኣብሔር ይባርኻን ይሓሉኻን። እግዚኣብሔር ገጹ የብርሃልካ። ጸጋኡ ይሃብካ። እግዚኣብሔር ብምሕረቱ ይጠምትካ፣ ሰላሙ ድማ ይሃብካ።” ኢሉ ከም ዝኣዘዞ ይነግረና።<br>• መዝሙር ዳዊት ከኣ “ፍቓድካ ኣብ ምድሪ፡ ኣብ ኲሎም ኣሕዛብውን ምድኃንካ ኺፍለጥሲ፡ ገጽካ ኣብርሃልና። ኦ ኣምላኽ ሕዝብታት የመስግኑኺ፣ ኲሎም ሕዝብታት የመስግኑኻ። . . . ምድሪ ፍሬኣ ሃበት፡ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ድማ ባረኸና።” ይብለና።<br>• መልእኽቲ ናብ ሰብ ገላትያ ከኣ ደቂ ኣምላኽ ምኳና ይነግረና። “ጊዜኡ ምስ በጽሐ፡ ኣምላኽ ነቶም ኣብ ትሕቲ ሥልጣን ሕጊ ዚነበሩ ምእንቲ ኬድኅን፣ ንሕናውን ናይ ውሉድነት ሥልጣን ምእንቲ ኽንረክብ፣ ነቲ ካብ ሰበይቲ ዝተወልደ፣ ኣብ ትሕቲ ሕጊውን ዝኃደረ ወዱ ለኣኾ። . . . ደጊም ውሉድ እምበር ባርያ ኣይኮንካን። ውሉድ ካብ ኮንካ ኸኣ ኣምላኽ ወራሲ ገይሩካ እዩ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ከኣ ብዛዕባ እቶም ጓሶት እቲ መልኣኽ ምስ ኣበሰሮም ናብ ቤተልሔም ነቲ ዝተወልደልና መድኃኒ ኪርእዩ ተቐላጢፎም ዝኸዱ ይነግረና። “ንማርያምን ንዮሴፍን ነቲ ኣብ መብልዕ ማል ዝደቀሰ ሕፃንን ከኣ ረኸብዎም። ነዚ ምስ ረኣዩ ድማ ብዛዕባ እቲ ሕፃን ዝተነግሮም ነገር ኣውረዩ። እቶም ዚሰምዑ ዘበሉ ዅሎም ከኣ በቲ እቶም ጓሶት ዝነገርዎም ተገረሙ። ማርያም ግና ነዚ ኲሉ ኣብ ልባ ተዋህልሎን ትሓስቦን ነበረት።” ይብለና።<br><br>ንሕና ናይ ውሉድነት ሥልጣን ምእንቲ ክንረክብ ኢየሱስ ክርስቶስ ተወሊዱልና እዩ። እዚ ብስራት ምስ ሰምዑ እቶም ጓሶት ተቐላጢፎም ናብቲ በዓቲ ከዱ። ንኢየሱስ ሕፃን ከኣ ሰገድሉ። ከምቶም ጓሶት ብትሕትና ናብ ኢየሱስ ክንመጽእን ክንሰግደሉን ንዕደም ኣሎና። እግዚኣብሔር ገጹ ስለ ዘብርሃልናን፡ ብምሕረቱ ስለ ዝጠመተናን፡ ስለ ዝባረኸናን ተኻፊልቲ ፍቕሩ ገይሩና። “ኦ ጐይታ ምድኃንካ ስለ ዘፍለጥካና ነመስግነካ ኣሎና። ብሳላ እቲ እተፍስሰልና መንፈስ ቅዱስ፡ ሕይወትና ብጽቡቕ ነገራት ኪዕምብብን ኪፈርን እዩ። ኣብ ሕቝፍኻ ከኣ ክነብር ኢና!” |

| ዕለት | ንባብ | ኣስተንትኖ |
| --- | --- | --- |
| **2 ጥሪ** | **1 ዮሓ 2፡ 22-28**<br>**መዝ 98፡ 1-4**<br>**ዮሓ 1፡ 19-28** | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ነይቲ መልእኽቲ ዮሓንስ ቀዳሉ ብዛዕባ ፀረ ክርስቶስ ይዛረበና። "እቲ ንኢየሱስ ንሱ መሲሕ ምዃኑ ዚኽሕዶ እንተ ዘይኮይኑኸ፡ መን እዩ እቲ ሓሳዊ? ንሱ እቲ ንኣቦን ንወልድን ዚኽሓድ ፀረ ክርስቶስ እዩ። እቲ ንወልድ ዚኽሕድ፡ ኣቦ ኣብኡ የሎን፣ እቲ ንወልድ ዚኣምን ነቦ ይኣምን። ንስኻትኩም ግና እቲ ካብ መጀመርታ ዝሰማዕኩምዎ ኣባኻትኩም ይነብር። እቲ ካብ መጀመርታ ዝሰማዕኩምዎ ኣባኻትኩም ዚነብር እንተ ኾይኑ ከኣ፡ ንስኻትኩም ኣብ ወልድን ኣብ ኣቦን ክትነብሩ ኢኹም። እታ ክርስቶስ ዘተስፈወና ተስፋ ከኣ ናይ ዘለዓለም ሕይወት እያ።" ይብለና። ቀዳሉ "ሕጂ ድማ፡ ደቀየ፡ ንሱ ኺግለጽ ከሎ ትብዓት ምእንቲ ክንረክብ፣ በታ ዝመጸላ መዓልቲውን ኣብ ቅድሚኡ ከይንኃፍርስ ኣብ ክርስቶስ ንበሩ።" ይብለና።<br>• መዝሙር ዳዊት ከኣ ብዛዕባ እግዚኣብሔር ብኃይሉን ቅልጽሙን፡ ዜድኅን ኀይሉን ጽድቁን፡ ኣብ ቅድሚ ኣሕዛብ ከም ዘፍለጠ ይዛረበና።  "እሙን ስለ ዝኾነ እቲ ንደቂ እስራኤል ዘተስፈዎም ምሕረት ፈጸመ፣ ኣብ ምድሪ ዘለዉ ኹሎም ሕዝቢ ከኣ እቲ ዜድኅን ኃይሊ ኣምላኽ ረኣዩ።" ይብለና። ከነመስግኖ ድማ  "ኣቲ ምድሪ ኲልኺ ንእግዚኣብሔር እልል በልሉ። ብሓጎስ እልል በሉሉን ኣመስግንዎን" እናበለ ይዕድመና።<br>• ወንጌል ከኣ ብዛዕባ ምስክርነት ዮሓንስ መጥምቕ ይነግረና። "ኣነስ ክርስቶስ ኣይኮንኩን" ኢሉ ተኣመነ እምበር ኣይከሓደን። . . . "ኣነስ ከምቲ ነቢይ ኢሳያስ ዝበሎ፡ 'መንገዲ እግዚኣብሔር ኣቕንዑ' እናበለ ኣብ ምድረበዳ ዚእውጅ ድምፂ እየ' በሎም" ይብለና።<br><br>ዮሓንስ መጥምቕ ናብቲ "ገንሸል ኣምላኽ" ናብ ኢየሱስ ክርስቶስ የመልክተልና ኣሎ። ምድኃና ካብኡ ጥራይ እዩ ዚመጽእ። ኢየሱስ መድኃንን ጐይታን እዩ። ዕዳ ኃጢኣትና ኪኸፍል ዚከኣሎ ብዘይካኡ ካልእ የልቦን። ንእኡ ጥራሕ ኢና ክንስዕብ ዚግብኣና። ካልኦት ብስም ክርስቶስ ዚመጹ ተኺሉ ከየጋግዩና ንጠንቀቕ። ብሳይንስ ወይ ብፍልስፍና፡ ብሃብቲ ወይ ብሥልጣን፡ ብናይ ኣቦሕጎታትና እምነታት ወይ ብሰብ ዜምጽኦም ሃይማኖታት ክንድኅን ኣይንኽእልን ኢና። "ሓጎስ ኣብዚ ኣሎኩም፡ ወይ ኣብቲ ኣሎኩም" ንዚብሉና ኣይንስምዓዮም። ክርስቶስ ኢየሱስ ጥራሕ እዩ ምሉእን ዘለዓለማውን ሓጎስን ሰላምን ኪህበና ዚኽእል። "ኦ ጐይታ ናብ ኬድኅኑ ዘይከኣሎም ኣማልኽቲ ከይኸይድ ሓልወኒ። ኣብ ናይ ሰብ ጥበባት ከይውከል ምስትውዓል ሃበኒ። ናብ ሃብቲ ወይ ሥልጣን ከይውከል ጸጋኻ ሃበኒ! ዝውከሎ ኣምላኽን ጐይታ ሕይወተይን ንስኻ ጥራሕ ኩን!" |

| **ዕለት** | **ንባብ** | **ኣስተንትኖ** |
|---|---|---|
| **3 ጥሪ** | **ኢሳ 60፡ 1-6**<br>**መዝ 72፡ 1-2, 7-8, 10-13**<br>**ኤፌ 3፡ 2-3, 5-6**<br>**ማቴ 2፡ 1-12** | ካብዚ ዘንበብናዮ ቃል ኣምላኽ ንነፍስና ዝኸውን እንታይ መግቢ ክንወስድ ንኽእል?<br>• ኢሳያስ ነቢይ ብዛዕባ መጻኢ ክብሪ ኢየሩሳሌም ይነግና። “ኦ ኢየሩሳሌም፡ ብርሃንኪ ወፂኡ፡ ክብሪ እግዚኣብሔር ከኣ ወፂኡልኪ እዩ እሞ፣ ተንሥኢ ከም ፀሓይ ብርሂ። . . . ኣሕዛብ ብርሃንኪ፡ ነገሥታት ከኣ ጸዳል ብራቕ ፀሓይኪ ኺርእዩ ኺመጹ እዮም።” ይብለና።<br>• መዝሙር ዳዊት ከኣ ምእንቲ ንጉሥ ዝተገብረ ጸሎት የቕርበልና። “ኦ ኣምላኽ ብጽድቕኻ ምእንቲ ኺፈርድ ንንጉሥ ምሃሮ፣ ቅንዕናውን ሃቦ። ንሱ ኽኣ ንሕዝብኻ ብፍትሒ ኺገዝኦም፡ ንጥቑዓት ከኣ ብቕንዕና ኬመኃድሮም እዩ።” ይብል። ቀጺሉ “ብዘመኑ ጽድቂ ይዓምብብ፣ . . . ግዝኣቱ ካብ ባሕሪ ክሳዕ ባሕሪ . . ኪበጽሕ እዩ። . . . ነገሥታት ተርሴስን ደሴታትን ገጸ በረኸት ኬቕርብሉ፣ ነገስታት ሸባን ሳባን ድማ ዉህበታት ኬምጽእሉ እዮም። ኩሎም ነገስታት ከኣ ኺሰግድሉ፣ ብዘለዉ ኣሕዛብ ኬገልግልዎ እዮም።” ይብለና።<br>• መልእኽቲ ናብ ሰብ ኤፌሶን ከኣ ብዛዕባ ዕዮ ጳውሎስ ኣብ ኣሕዛብ ይዛረበና። “ብርግጽ ብዛዕባ እቲ ኣምላኽ ንጥቕምኹን ዚሃበኒ ናይ ኣገልግሎት ጸጋ ሰሚዕኩም ኣሎኹም። ከምቲ ኣቐዲመ ብሓጺሩ ጺሒፈልኩም ዝነበርኩ እግዚኣብሔር ነቲ ምሥጢር ብራእይ ኣፍለጠኒ። . . . እዚ ምሥጢር እዚ ከኣ ፡ ኣሕዛብ ሳላ ወንጌል ምስ እስራኤል ተማቕልቲ ርስቲ፡ ናይ ሓደ ሰብነት ኣካል፡ ብክርስቶስ ኢየሱስ ከኣ መኻፍልቲ ተስፋ ከም ዚኾኑ እዩ።” ይብለና።<br>• ወንጌል ከኣ ብዛዕባ ምምጻእ ሰብ ጥበብ ይዛረበና። “እቲ ዝተወልደ ንጉሥ ኣይሁድ ኣበይ ኣሎ? ኮኾቡ ብምብራቕ ርኢና እሞ፣ ክንሰግደሉ መጺእና” እናበሉ ናብ ኤየሩሳሌም በጽሑ። ንጉሥ ሄሮድስ ነዚ ሰሚዑ ተሸበረ፣ ኩሎም ሕዝቢ ኤየሩሳሌምውን ምስኡ ተሸበሩ። . . . እቲ ብምብራቕ ዝረኣይዎ ኮኾብ ኣብ ልዕሊ እቲ ሕፃን ዝነበራ ቦታ መጺኡ ክሳብ ዚቐውም መርሖም። . . . ናብ ቤት ኣትዮም ነቲ ሕፃን ምስ ማርያም ኣኖኡ ረኣየዎ። ተደፊኦም ሰገድሉ። ሣጹኖም ከፊቶም ከኣ ወርቅን ዕጣንን ከርበን ገጸ በረኸት ሃብዎ።” ይብለና።<br><br>ወንጌል ንኩሎም ደቂ ሰብ ዚተዋህበ ናይ ድኅነት ብስራት እዩ። እግዚኣብሔር ንኣቦና ኣብርሃም ኪጽውዖ ከሎ ምእንቲ ኩሉ ዘመደ ኣዳም ኪባረከ እዩ እምበር ነቶም ዘርኡ ዚኾኑ ደቂ እስራኤል ጥራሕ ኣይኮነን። ኢየሱስ ኪውለድ ከሎ ካብ ርሑቕ ኪሰግድሉ ዚመጹ ሰብ ጥበብ ንርኢ።  ናይቲ ኪመጽእ ዝነበሮ ብቤተክርስቲያኑ ገይሩ ንኩሎም ኣሕዛብ ናብኡ ኪስሕቦም ከም ዝኾነ ምልክት እዩ። ሓዋርያ ጳውሎስ ኩላትና ብክርስቶስ ምስ እስራኤል ተማቕልቲ ርስቲ ምኻና ይነግረና። ኣባላት ናይ ክርስቶስ ሰብነት ኢና። ናይቲ ኪመጽእ ዝነበሮ ንጉሥ ወዲ ዳዊት (ኢየሱስ ክርስቶስ) ግዝኣት “ካብ ባሕሪ ክሳዕ ባሕሪ” ማለት መላእ ዓለም ምኳኑ ባዕሉ መዝሙር ዳዊት ይነግረና ኣሎ። ንኩላትና ዚኣክል ጸጋ ድኅነት እዩ። “ኦ ጐይታ ስለ ብኸምኡ ንኩላትና ደቂ ኣዳም ናይ ድኅነት ጸጋ ስለ ዝዓደልካና ነመስግነካ ኣሎና። ዕብየት እዚ ጸጋዚ ክንርዳእ ኣእምሮና ኣብርሃልና። ብእምነት ንጐይታ ኢየሱስ ከም መድኅና ክንቅበሎ ደግፈና። ነታ ባዕልኻ ዝሠረትካያ ቤተክርስቲያ ከም ናይ ድኅነት መርከብ - ናይ ኖህ መርከብ - ክንኣምናን ክንቅበላን እምነት ወስኸና።” |